# <u>ውዕሎ 2ይ መዓልቲ</u>
# <u>5ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ</u>

ብ18 ሚያዝያ ብድሙቕ ኣገባብ ዝጀመረ 5ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ፡ ኣብ ናይ 2ይ መዓልቱ ውዕሎ’ውን ብዝተተሓዘለ መደባት መሰረት ዕማማቱ ከሰላስል ዊዒሉ፡፡

5ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ፡ ድሕርቲ ብድሙቕ ኣገባብ ብጭርሕ ኣብ ዝወቀበ ኣዳራሽ ዝጀመሮ ወግዓዊ ስርሓቱ፡ ሎሚ 19 ሚያዝያ 2010’ውን ስርሑ ቀጺሉ ዊዒሉ፡፡ እዚ ብልዑል ሃገራዊ መንፈስ ዝጋባእ ዘሎ 5ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ፡ ኣብ ክሊ’ቲ ትማሊ ዝጀመሮ ጸብጻብ ማእከላይ ሽማግለ ዓሚቕን ዝርዝራውን ምይይጣት ብምክያድ፡ ኣብ ኣገደስቲ ኣጀንዳታት ውዕውዕን ደሞክራስያውን ክትዓት ከካይድ ምውዓሉ ተፈሊጡ’ሎ፡፡

ብመሰረት’ቲ ናይ ዜናን ፕሮፓጋንዳን ሽማግለ እቲ ጉባኤ ተዋህበና መብርሂ፡ 5ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ፡ ኣብ ዝቀረበሉ ውድባዊ ጸብጻብ ማእከላይ ሽማግለ ተሞርኪሱ፡ ዓለማዊ፣ ከባብያውን ሃገራውን ኩነታት ብሓፈሻ ኣብ ቃልሲ ህዝብታት ኤርትራ ድማ ዘለዎም ትርጉም ከኣ ብፍላይ ክርኢ ድሕሪ ምውዓል፡ ኣብ ክሊ ሃገራዊ ኩነታት ኣካውና ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፣ ህዝብታት ኤርትራን ተቓወምቲ ሓይልታቱን ኣመልኪቱ ዝሰፈሐ ግዜ ብምሃብ ሓላፍነታዊ ክትዓትን ምይይጣትን ከካይድ ምውዓሉ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ፡፡ ኣብዞም 5ይ ውድባዊ ጉባኤ ዝዘተየሎም ኣገደስቲ ጉዳያት፡ ድሕሪቲ ዝተካየደ ዓሚቕ ክትዓት ንደሞክራሲያዊ ቃልሲ ህዝብታት ኤርትራ ንቕድሚት ዝድርኹ ኣገደስቲ ውሳኔታትን ናይ ቃልሲ ስልትታትን ክቀርጽ ኣብ ልዕሊ ምክኣሉ፡ ንኣበርክትኡ ንቕድሚት ዘሰድር ኣወንታዊ ዓወታት ክጭብጥ ከም ዘብቕዖ’ውን ኣፈኛ ናይቲ ጉባኤተኛ ዝኾነት ሽማግለ ኣፍሊጣ፡፡

ዛጊት’ውን 5ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ፡ ኣብ’ዚ ናይ ሎሚ መዓልቲ ውዕሉኡ፡ ብማእከላይ ሽማግለ ንዝቀረብ ጸብጻብ ኣብ መሰረታዊ ትሕዝትኡ ለውጢ ከይገበረ ዝተወሰነ ምምሕያሻት ብምግባር፡ ብሙሉእ ድምጺ ተቀቢሉ ምጽዳቑ፡ ኣማስዩ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ፡፡ ንጸብጻብ ማእከላይ ሽማግለ ብሙሉእ ድምጺ ዝተቀበለ 5ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ፡ ጸብጻብ ቁጽጽር ኮምሽን’ውን ኣማስዩ ክዝትየሉ ከም ዘምሰየ ዝበጽሓና ሓበሬታ ወሲኹ ገሊጹ፡፡

ከም ዝዝከር፡ 5ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ ትማሊ 18 ሚያዝያ ብድምቀት ክኽፈት እንከሎ፡ ካብ መሓዙት ውድባት፣ ካብ ኣገደስቲ ሃገራውያን ውልቀ ሰባት፣ ዞባታትን ጨናፍራትን እቲ ውድብ ብዝተላእከ ናይ ደገፍ መግለጺ ማዕሪጉ ምጅማሩ ዝፍለጥ’ዩ፡፡ እዚ ብኣገደስቲ እዋናውያን ጭርሒታት ኣብ ዝማዕረገ ኣዳራሽ ዝተከፍተ ባይቶ መጋብእያ 5ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ፡ “….ዓወት ን5ይ ውድባዊ ጉባኤ! ህዝብን ሃገርን ካብ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታን ንምድሓን ኩሉ ዓቕምታትና ብቀዳምነት ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ይቕናዕ! ምጥርናፍ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ዓቕምታትና ኣማራጺ ዘይብሉ መንገዲ ዓወት! ኣብ ማዕርነት ዝተሰረተ ደሞክራሲያዊ ሓድነት ብሄራትን ብሄረሰባትን ኤርትራ ንምርግጋጽ ንቃለስ! ተሳትፎ መንእሰያትን ደቂ-ኣንስትዮን ኣብ ደሞክራሲያዊ ቃልሲ ንምዕዛዝ ንቃለስ!….ወዘተ ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕን እዋናውን ጭርሖ ዝተጀመረ’ዩ፡፡ ዛጊት ብዘሰላስሎም ዘሎ ዕዮታት ኣብ ብዙሓት ተኻሳሕቲ ህዝባውን ሃገራውን ጉዳያት፡ ቅኑዕ ሚዛናት ብምቅማጥ ከምቲ ትጽቢት ዝተግብረሉ ብዓውት ይጽንበል ምህላዉ ክፍለጥ ተካኢሉሎ፡፡

ወኪል መርሆ.ኔት
ካብ ኣዳራሽ 5ይ ውድባዊ ጉባኤ
ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ
19 ሚያዝያ 2010